# ናብ ቤት-ንባብ ብደሓን ምጽኡ!

ኩለን ኣብ ከባቢ የስትሪክላንድን ሀልሲንግላንድን ዝርከባ ህዝባውያን ኣብያተ-ንባብ ሓቢረን እየን ዝሰርሓ፣ HelGe-biblioteken ተባሂለን ድማ ይጽውዓ።

## ናይ ልቓሕ ካርድን ናይ ልቓሕ ጊዜን

ንኽትልቃሕ ናይ መለቅሒ ካርድን ፒን-ኮድን የድሊ።ኣብ ኩለን ኣብያተ-ንባብ ናይ HelGe-biblioteken ድማ እዩ ዘገልግል። በዚ ካርድዚ መጻሕፍቲ፣ ኣለክትሮኒካዊ መጻሕፍቲ፣ ፊልምታት፣ ጋዜጣታት፣ ናይ ቋንቋ ኮርሳት፣ ብድምጺ ዝተቐርጹ መጻሕፍቲ ወዘተ... ክትልቅሑ ትኽእሉ። ኣብ ኩለን ኣብያተ-ንባብ ድማ ብማዕረ ከም ድልየትኩም፥ መጻሕፍቲ ክትልቅሑ፣ ክትመልሱ፣ ኣጽንሑለይ ክትብሉ ወይ ድማ ተራ ክትሕዙ ትኽእሉ።

እቲ ናይ ልቓሕ ጊዜ (ንውሓቱ) ኣብቲ እትልቅሑዎ ነገር እዩ ዝምርኰስ። መጻሕፍቲ እንተድኣ ኰይኑ መብዛሕትኡ ጊዜ ንኣርባዕተ ሰሙናት ክትልቅሑዎ ትኽእሉ። እቲ ዝተለቃሕኩሙሉ ቅብሊት ክትሕዝዎ ኣ ሎኩም!

እቲ ናይ መለቅሒ ካርድ ክቡር/ዋጋ ዘሎዎ ሰነድ እዩ። ኩሉ በቲ ካርድኹም እትልቅሑዎ ነገር ሓላፍነትኩም እዩ። እቲ ካርድ እንተድኣ ጠፊኡኩም፥ ምእንቲ ካልእ ሰብ ረኺቡ ከይጥቀመሉ ተቐላጢፍኩም ንቤት-ንባብ ክትሕብሩ ኣሎኩም።

6 ዓመት ዝመልኡ ቆልዑ ናይ ገዛእ ርእሶም መለቅሒ ካርድ ክሕዙ ይኽእሉ። እቲ ቆልዓ ክሳብ 18 ዓ መት ዕድመ ዝበጽሕ ድማ፥ ሓላፍነት ናይቲ ዝልቅሖ ንብረት ወለዲ ወይ ድማ መጕዚቱ እዮም።

## እቲ ዝበዝሕ ብነጻ እዩ፥ ኩሉ ግን ኣይኰነን

ኣብ HelGe-biblioteken መጻሕፍቲ ምልቃሕ ነጻ እዩ።ግን ዝተለቃሕኩሞ ነገር ደንጒኹም እንተድኣ መሊስኩሞ፣ ንነፍስ-ወከፍ ዝተለቃሕኩሞ መድያ 1 (ሓደ ኮሮና) ንመዓልቲ ትኸፍሉ። ሓድ-ሓደ ኣብ ያተ-ንባብ ናይ ቲቪ-መዘናግዒ የለቅሓ እየን። እዚ ናይ ቲቪ-መዘናግዒ ኣብ ምምላሱ እንተድኣ ደንጒኹም 10፥-ኮሮኖር ኣብ መዓልቲ እዩ ዝኽፈሎ። እቲ ክኽፈል ዘሎዎ ዕዳ 100፥- ክሮኖር ወይ ክኣ ካብኡ ምስ

ዝበዝሕ ግን እቲ ናይ መለቅሒ ካርድ ከምዘይሰርሕ ይዕጾ። ብድሕርዚ እቲ ዘይተኸፍለ ገንዘብ ካብ 100፥- ክሮኖር ንታሕቲ ክሳብ ዘይጐደለ ጊዜ ክትልቅሑ ኣይትኽእሉን።

## ምስዝበላሾን ዝጠፍእን

እቲ ዝተለቃሕኩሞ ዓይነት መድያ ምስ እተበላሸዉዎ ወይ ድማ ምስ እተጥፍእዎ፣ ብኸምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ዋጋታት ትኸፍሉ። እዚ ዋጋታት እዚ ብመጠን ክብሪ ናይቲ ዝጠፍኣ ወይ ዝተበላሸወ ንብረት ይፈላለ ምኽኑ ኣስተብህሉ።

| | |
|---|---|
| መጻሕፍቲ ንዓበይቲ ብጽሑፍን ብድምጽን | 300kr |
| መጻሕፍቲ ንቆልዑት ብጽሑፍን ብድምጽን | 200kr |
| ሙዚቃ-ሲዲ | 200kr |
| ሲዲ ንቆልዑት | 150kr |
| ጋዜጣ | 50kr |
| ፊልምን ናይ ቲቪ-መዘናግዕን | 500kr |
| ቋንቋን ሲዲ-ሮምን | 500kr |
| ደይዚ ናይ ምዝራብ መድያ | 150kr |
| መለቅሒ ካርድ | 20kr |

ኣብዚ ዝደለኹሞ መጻሕፍቲ ክትደልዩን ከተንብቡን ትኽእሉ www.helgebiblioteken.se